20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ሃሪስበርግ ፐንስልቫንያ ስተይት ብኽብሪ ተጸንቢሉ።

ኤርትራውያን  ኣብ ሃሪስበርግ ፐንስልቫንያ ብዕለት 6/22/2014 ጀጋኑ ሰማእታቱ ብኽብሪ ዘኪሩ ውዒሉ። እዚ ዓበይትን መንእሰያትን ዝተሳተዎ ዝከረ ሐርበኛታት ስውኣትና ሽምዓ ብምውልዕ፤ ዝከረ ሰማእታት፤ ሃገራዊ መዝሙር፡ ግጥሚ፡ ተዘክሮ ጀጋኑና ዝመልኦ መደረታትን ልዑል ሃገራዊ ወኒን ተጸንቢሉ። እቲ ኣብ ሐንቲ ካብተን ናይታ ከተማ ፓርክ ዝወዓለ ስነስርዓት ብባንደራን ናይ ስውኣት ደርፍታትን ማዕሪጉ ሐበን ወሲኹ ውዒሉ።

ገለ ካብቲ መደረ ህዝቢ "ቅሰኑ ጀጋኑና እቲ ሕድሪ ተኸቢሩ'ዩ። ነዛ መሪት ስውኣት፡ መሬት ሕድሪ፡ እግሩ ዘንብረላ ጸላኢ የለን። "ኣይንተሃመል፡ ሕሉፍ ተንኮላት ጸላእትና ኣይንረስዕ፡ ሐይልና ኣብ ሐድነትና'ዩ፡ ነትርሮ" ዝብል ነበረ።  ብምቅጻል ህዝቢ ሃሪስበርግ በቲ ዓመት ዓመት ዝኣተዎ መብጽዓ "ምእላይን ምሕብሐብን ስድራ ቤት ስውኣት ሐላፍነትና" ብዝል መሰረት $1050.00 ኣበርኪቶም። ከምቲ ሎሚ ቅነ ኣብ ኤረ ቲቪ ሐንቲ ኣደ ጅግና ስውእ "ንዕኦም እንተሰኣና ህዝቢ ኣሎና" ኢላ ነይራ።  በዚ መሰረት ኩሉ ህዝቢ ሃሪስበርግ ኣብዚ ቅዱስ ዕላማ ከሳተፍን መብጽዕኡ ኣኽቢሩ ኣብ ምእላይን ብሕብሐብን ስድራ ቤት ስውኣት ንኽሳተፍ በዚ ኣጋጣሚ ንጽውዕ።

ዓወት ንሙሉእ መኸተ

ክብርን ሞጎስንን ንሰማእታትና

ስውኣትና ውትሩ ይዘከሩ

ዓወት ንሓፋሽ!

ኣወሃሃዲት ሽማግለ  በዓላት  -  ሃሪስበርግ ፐንስልቫንያ

ሰነ 22 2014





















